SUNDHEDSSTYRELSEN

ምምሕዳር ጥዕና

# ለበዋ ኣካላዊ/ቅርጻዊ ንጥፈታት ንህጻናት ትሕቲ ሓደ ዓመት Tigrinya

ትሕቲ ሓደ ዓመት ዝኾኑ ህጻናት ወትሩ ይንቀሳቐሱ፤ ምንቅስቓስ ከኣ ንጭዋዳታቶም የትርሮ። ኣካላቶም ከኣ፤ ኣካባቢኦም ንምድህሳስን ምስ ካልኦት ምርኻብን ይጥቀምሉ። ብምንቅስቓስ ምስ ኣካላቶም ይላለዩ። ስለዚ እዩ ኸኣ ነቲ ህጻን ብዝከኣል መጠን መዓልታዊ ብዙሕ ግዜ ናይ ምንቅስቓስ ዕድል ክትህቦ ዝግባእ።

## ለበዋ/ርእይቶ

### ብዝከኣል መጠን ነቲ ቆልዓ እናሓለኻዮ ኣብ መሬት ብኸብዱ በጥ ኣብሎ።

እቲ ቆልዓ ኣብ መሬት ብኸብዱ በጥ ምስ ዝብል፥ ሕቍኡን ጭዋዳታት ኢዱን/ቅልጽሙን ይተርር። ምስ ግዜ ከኣ ክገማጠልን፥ ፍሑኽ ክብልን ይሕግዞ።

### እቲ ህጻን መዓልታዊ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ከም ዝንቀሳቐስ ግበር

እቲ ህጻን ሓዲሽ ዝተፈላለየ ምንቅስቓስ ክገብር ከሎ፤ ንኣብነት ኢዱ ክዝርግሕ ከሎ፥ ገለ ክስሕብ ወይ ክደፍእ ከሎ፥ ንኣካላቱ ይፈልጥ ኣሎ ማለት እዩ።

### እቲ ህጻን ብዝከኣል መጠን ነጻ ኮይኑ ክንቀሳቐስ ግደፎ

ነቲ ህጻን ካብ መጠን ንላዕሊ፤ ኣብ ናይ ኤለክትሪክ ይኹን ካልእ መንበራት ኮፍ ኣይተብሎ። ኣካላት/ቅርጺ ናይቲ ህጻን ዝምዕብል ምስ ዝንቀሳቐስ እዩ።

## ከመይ

ምንቅስቅሃስ ኣካላት፤ ኩሉ ዓይነት ምንቅስቓስ ኮይኑ፤ ኣብ ናይ ሓባር ጸወታ ዘተኮረ ክኸውን ይኽእል።
ኩሉ ግዜ እቲ ቆልዓ ክንቀሳቐስ/ክጻወት እንከሎ ድሕነቱ ክትሕሉ ኣለካ።

### ናይ ምንቅስቓስ ኣካላት ኣብነታት፤

0-1 ዓመት ህጻን

ብኸብዱ በጥ ምባል
ሓቍፍካ ምስርሳር
ኣብ ልዕሊ ኣቍሑት ደው ምባል
ሃተ ምባል
ምስ ዓበይቲ ምጽዋት፤ ንኣብነት፤ ከረውረው ምባል፤ ምዝላል፤ ምጕያይ
ናይ ቆልዑ ድምጺ ምክትታል
ናይ ቆልዑ ምሕንባስ

እቲ ህጻን ንኣብነት ብኽብዱ ኣብ መሬት፣ ኣብ ሑቕፎኻ ከምኡውን ኣብ ዓራት ክጋደም ይኽእል። መሬት ወይ ምንጻፍ እቲ ዝበለጸ መጻወቲ እዩ።

ዝያዳ ኣብነታት ርኸብ ከምኡውን ተወሳኺ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ኣካላት ኣብ www.sst.dk ኣንብብ።







